# ቀዳሞት ግጥማት ሓርነታዊ ቃልሲ
(8)



**መምህር ነጸረኣብ ኣዛዚ**

**ኣኼባ በርገሽሽ - መስከረም 1962**

ድሕሪ መስዋእቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ተጋደልቲ ንፍሉይ ስርሒት እንተዘይኮይኑ፡ ብጥርኑፍ እዮም ዝንዓዙ ዝነበሩ። ኣብ መስከረም 1962፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሱዳን ኣተወ። ምስ ዑመር እዛዝ፡ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ጣህር ሳልምን ድማ፡ ካብ ከሰላ ተበጊሱ ጋሽ ብምብጻሕ፡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ በርገሽሽ (ካብ ሃይኮታ ንወገን ደቡብ) ምስ ተጋደልቲ ተራኸበ። ነቶም ተጋደልቲ ብምትብባዕን ርእይቶኦም ብምስማዕን ከኣ፡ ዝርዝር ኣስማቶም ሰኒዱ ንጎስጓስ ዝጠቕሞ ስእልታት ወሰደ። ኣብዚ ፈላሚ ወግዓዊ ርክብ ሳዕለዋይ ባይቶን ተጋደልቲን፡ ነቶም ዕጡቓት እትመርሕ ሓሙሽተ ዝኣባላታ መሪሕነት ክትቀውም እንከላ፡ ኣቦ-መንበርነት ንመሓመድ ዑመር ዓብደላ ተዋህበ። ኣብቲ ኣኼባ 44 ተጋደልቲ 18 ብረት ዝዓጠቑ፡ ዝተረፉ ከኣ ሴፍ ዝዓጠቑ ተሳቲፎም። ድሕሪ ኣኼባ በርገሽሽ፡ ተጋደልቲ ናብ ክልተ ጋንታ ተኸፍሉ። ቀዳመይቲ ጋንታ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ዑመር እዛዝን ዝመርሕዋ፡ ካልኣይቲ ጋንታ ድማ ኣቡ ጥያራን ዑስማን ኣቡ-ሸነበን ዝመርሕዋ። ሳበ ካብ ሜዳ ምስ ተመልሰ፡ ምስ ሰበስልጣን ሱዳን እውን ተራኸበ። ቅሩብ ጸኒሑ ነቶም ተጋደልቲ፡ ሓደ ሽሕ ጠያይትን ክዳውንትን ለኣኸሎም። ክሳብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝጠቅም ሓገዝ ይረኽቡ ኣይነበሩን። እቶም ተጋደልቲ ክሳብ ውልቃዊ ንብረቶም ብምውፋይ ነቲ ቃልሲ

ኣሳልዩሞ እዮም። ናይዚ ቀሊል ኣብነት፡ ኣቡ ጣያራ ኣብ ከሰላ ዝነበሮ ገዛ ክሽይጥ ከሎ፡ ኣቡ- ሽነብ ድማ ናብ ቀቢላኡ ከይዱ ስለዝለመኖም፡ 100 ጅኔህ (ዓሰርተ ከብቲ ከግዝእ ዝኽእል) ኣዋጺኦም ሂቦሞ። ብኸምዚ ድማ ሽግሮም ይፈትሑ ነበሩ።

ዓመተ 1962፡ እቲ ንተሓኤ ዝመርሕ ዝነበረ ማእከላይ ሽማግለ ብመጅልስ ኣል-ኣእዕላ ወይ ላዕለዋይ ባይቶ ዝተተከኣሉ ግዜ እዩ። እድሪስ መሓመድ ኣድም ኣቦ መንበር፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ሓላፊ ዝምድናታት ወጻኢ፡ እድሪስ ዑስማን ገላውድዮስ ድማ ሓላፊ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ጉዳያት ኮይኖም ድማ ተመዘዙ።

### ምትሓዝ ፈዳይን ኣብ ከረን ጥቅምቲ 1962

ከረን፡ ኣቑርደት፡ ባረንቱ፡ ተሰነይ፡ ጎልጅ፡ ናብ ከሰላን ሜዳን ብዝነበረን ቅርበት፡ ሓለፉ ካልኦት ንጥፈታት ቃልሲ ዝካየደለን ዝነበራ እየን። ኣብኣተን ዝነበሩ ስሩዓት፡ ጽሑይ መጽናዕቲ ብምክያድ ኣብ ስርሒታት ፈዳይን ይተሓጋገዙ ነበሩ። ኣጽዋር ናብ ተጋደልቲ ኮነ ንስርሒት ናብ ውሽጢ ከተማ የበጻጽሑን ፈዳይን የዕቍቡን።

ኣብ ጥቅምቲ 1962፡ ካብ ኣቑርደት ናብ ከረን ዝተላእከት ህጽጽቲ መልእኽቲ፡ ኣርባዕተ ፈዳይን ከረን ክኣትዉ ምዃኖምን ክቕበልዎምን እትሕብር ነበረት። ዓሊ መሓመድ ሳልሕ፡ ኣስማት ናይ ኣርባዕተ ተጋደልቲ (ሓምድ ዑስማን ጠምባር፡ መሓመድ ኣሕመድ ዓወድ፡ ኣድም እድሪስ ሱከርን መሓምድ ጅምዕ ኣድምን) ምስ ረኣየ ብሓደ ካብኣቶም ሰግአ። ሓምድ ዑስማን ጠምባር፡ ኣቐዲሙ ብዝተፈጸመ ቅንጸላ ናይቲ ኣብ ኣቑርደት ዝነበረ ካፕተን ኣስፍሃ ካሕሳይ ተጠርጢሩ፡ ስሙን ስእሉን ኣብ ኩለን ከተማታት ኤርትራ ተዘርጊሑ ነበረ። ዓሊ እውን፡ ንገዛእ ርእሱ፡ በቲ ናይ ኣቑርደት ስርሒት ተጠርጢሩ፡ ቀቅድሚ ምማጻእ ናይቶም ፈዳይን ተኣስረ። በዚ ድማ፡ እቶም ካልኦት ስሩዓት፡ ነቶም ፈዳይን ተቐቢሎም ኣብ ሕለት ወረባ ኣብ ገዛ ኣሕምድ ዳፍር ኣእተውዎም። ኣብኡ ኮይኖም፡ ንኰለኔል እርዳቸው በለጠ ክከታተልዎ ጀመሩ። እንተኾነ፡ ንባዕሎም ኣብ ዓይኒ ሰለይቲ ኢትዮጵያ ኣተዉ። ብ10 ጥቅምቲ 1962 ድማ፡ ዋና ገዛን ሓደ ካብቶም ፈዳይን መሓመድ ኣድም ጅምዕን ንከተማ ወጺኦም ከለዉ፡ እቶም ሰለሰተ ተጋደልቲ ምስ ኣርባዕተ ሸጉጥን ሓሙሽተ ቦምባን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ወዓሉ። እዚ ፍጻመ'ዚ ንመንግስቲ ዓቢ ፍናን ዝሃበ ኮይኑ፡ እቶም ሰለስተ ፈዳይ ን ክሳብ 1975 ብስርሒት ተጋደልቲ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጹ፡ ንኣስታት 13 ዓመታት ኣብ ቀይዲ ጸንሑ።

### ውግእ መትከሊት

ብ15 ጥቅምቲ 1962 ገለ ተጋደልቲ ኣብ መተከሊት፡ ማርያ ጸላም ምስ ሓይሊ ፖሊስ ጎፈ-ጎፍ ተራኸቡ። እዞም መሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡ-ጥያራ)

ዝመራሒኦም ተጋደልቲ ምስቶም ፖሊስ ገጢሞም፡ 4 ክቐትሉ ከለዉ ሓደ ኣቑሰሉ። ሓደ ካብቶም ዝሞቱ ፖሊስ፡ ፕሪሞ ሰርጀንት መሓመድ ዓሊ ነበረ። ድሕሪ'ዛ ፍጻመ'ዚኣ፡ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ሰንሒት ዝነበረ ፊተውራሪ እምባየ ሃብተ፡ በቲ ኣብ ሓልሓልን ማርያን ዝርአ ዝነበረ ናይ ጸጥታ ጸገማት፡ 'ምንቅስቓስ ሽፋቱ (ተጋደልቲ) ተኸታቲልኩም ሓበሬታ ኣየመሓላለፍኩምን' ብዝብል ክሲ ንሰለስተ ሹማምንቲ ካብ ስልጣኖም ኣለዮም። ቅድሚ ምውዳእ ዓመተ 1962 ተጋደልቲ ኣብ ሓያሎ ንቑጣታት ፖሊስ፡ ጎና፡ ገርሰት፡ ጎሊጅን ባረንቱን መጥቃዕቲ ፈጺሞም ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክሳራ ኣውሪዶም ነበሩ።

**ምፍራስ ፌደረሽን ኢትዮጵያን ኤርትራን 14 ሕዳር 1962**

ኢትዮጵያ ፌደረሽን ኣፍሪሳ ንኤርትራ ንምልሓቕ ኣብ እትጓየየሉ ዝነበረት እዋን፡ ስርሒታት ተጋደልቲ ኣብ ከተማን ገጠርን እናበዝሐ፡ ስም ወዲ ዓዋተ ዝተወዓውዓሉ ግዜ ነበረ። ጸሓፊ ታሪኽ ኤርትራ 1941- 1962 ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ "ኤርትራ ካብ ፌደረሽን ናብ ጎበጣን ሰውራን" ኣብ ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ፌደረሽን ኣብ መጨርሽታ ብኸመይ ከምዝፈረሰ ብዝርዝር ኣስፊርዎ ኣሎ። ብመሰረት'ዚ ጽሑፍ'ዚ፡ እቲ ስሩዕ ኣኼባታቱ ከካይድ ዝቐነየ ባይቶ ኤርትራ ብ14 ሕዳር 1962 ልሙድ ስርሑ ከካይድ እዩ ተኣኪቡ። እንተኾነ ኣብ ከባቢ ህንጻ ባይቶ ኤርትራ ፍሉይ ነገር ይርአ ነበረ። ብቐንያቱ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንኣስመራ ክኸብባ ይርአ ነይሩ። ነፈረቲ ውግእ እውን ኣብ ልዕሊ ቐንዲ ከተማታት ኤርትራ እናዘንበያ ህዝቢ ከጨንቓ ቐንየን እየን። ኣብ ድሮ'ታ ዕለት ከኣ፡ ጦር ሰራዊት ብረት እናወጣወጡን እናጉባዕብዑን፡ "እምቢ ያለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው!" ("እምቢ ንዝበለ ጥይት ኣኾልሶ") እናበሉ ንኣስመራ ኮለልዋ።

ንግሆ 14 ሕዳር፡ ኣብ ጂፕ ዝተወጥሑ ወተሃደራት ንጎደናታት ማእከል ኣስመራ ተቘጻጸሩዎ። ኣብ ፈቖዶ ኩርናዕ፡ ብረት ዝሓዙን ህልመት ዝወደዩን ወተሃደራትን ሰለይቲን ፖሊስን ዝርእ ኢሎም ነበሩ። ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዓይነት ሃዋህው፡ ኣባላት ባይቶ ሰዕት 9፡30 ቅ.ቐ. ናብ ኣደራሽ ኣተዉ። ዕድመ ዝተገብረሎም ሹማምንቲ ምምሕዳር ኤርትራን ፌደራልን፡ከምኡ'ውን ቆንስላት ብሪጣንያ፡ ኣሜሪካን ፈረንሳን፡ ናይ ውሽጥን ወጻኢን ጋዜጠኛታትን ድማ ኣብ ናይ ተዓዘብቲ ቦታ ተቐመጡ። ካብቶም 68 ኣባላት ባይቶ 60 ኣብ መናብሮም ክርከቡ ከለዉ፡ ሓደ ብሞት ዝተፈልየ 7 ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣይተረኽቡን።

ልክዕ ሰዓት 10፡35 ቅ.ቐ. ምክትል ኣቦ ምንበር ባይቶ ዲሜጥሮስ ኣብ ቦታኦም ተቐመጡ። ኣቦ-መንበር ባይቶ፡ ደጃዝማች ሓምድ ፈረጅ ኣብ መጥቃዕቲ ኣቑርደት ቆሲሎም ስለዝነበሩ ናብቲ ባይቶ ኣይተመልሱን ዝነበሩ። ሰዓት 10፡40 ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ብሹዱሽተ ሰክረታሪታት፡ ጀነራል ተድላ ዑቕቢትን ካልኦት ዓበይቲ መኳንንትን ተዓጂቡ ኣተወ። ብኡ ንብኡ ኣስፍሃ

ወደሳ ንጉስን ኢትዮጵያን ዝሕመረቱ ቃላት ድሕሪ ምዝራብ፡ ናብ ቀንዲ ዛዕባኡ ሰገረ።

“ .... ፌደረሽን ዚበሃል፡ ስሙ ኮነ ግብሩ፡ ካብ ታሪኽናን ባህልናን ዝረሓቐ፡ ንጸላእትና መሳርሒ'ምበር ንሕዝብና ዘይጠቅም ምዃኑ ተረዲእና፡ ንሃገርና ናይ ምምሕያሽ ስጉምቲ ዘሎ ሓይልና ኣተሓባቢርና ምስራሕ ዝግባእ ክኸውን ከሎ፡ ሓደ ዝዓይነቱ ድርጅት ካብ ክልተ ቦታ ምቛም ሰብን፡ ሃብትን ብኸንቱ ምብኻን ዜኸትል ምዃኑ ተገንዚብና፡ ሓደ ኢትዮጵያዊ ዝኾነ ሕዝቢ ባዕዳውያን ዝሰርሕዎ ናይ ምምሕዳር ሓሳብ ዚኽተል፡ ሕብረቱን ሓድነቱን ብመሰረቱ ዚጕዳእ ምዃኑ ተረዲእና፡ ናይ ሕዝብና ሓሳብን ትምኒትን ገለጽቲ ብምዃን፡ ነዚ ፌደረሽን ዝተባህለ ስሙን ግብሩን ካብ ልዕሌና ገፊፍና ኣልዒልናዮ ኣሎና። ካብ ሎሚ ጀሚርና ምስ እኖና ኢትዮጵያ ብምምሕዳር ብምሉእ ተወሃሂድና ኣሎና።”

ኣስፍሃ ነዚ ምስ በለ፡ ካብቲ ኣደራሽ ድሙቕ ጣቕዒት ተሰምዐ። ብኸምዚ ባይቶ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝወሰኖ ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብበይናዊ ስጉምቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ፈረሰ። ባይቶ ኤርትራ ድምጺ ኣየሃበሉን። ሕቡራት ሃገራት ዝወሰኖ እውን ባይቶ ኤርትራ ከፍርሶ ስልጣን ኣይነበሮን። ሕቡራት ሃገራት ከኣ ውሳነይ ተጣሒሱ ኣይበለን። ብኣንጻሩ ኩለን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነባራ ኤምባሲታትን ቆንስላትን ብዘይካ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብምኽንያት ምፍራስ ፌደረሽን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ የሃናእን ገለጻ። ፌደረሽን ብወግዒ ዝፈረሰሉ ብ14 ሕዳር 1962 ይኹን'ምበር ንዓሰርተ ዓመታት እናተቘርመመ ክመጽእ ድሕሪ ምጽናሕ'ዩ ሓመድ-ድበ ለቢሱ። የግዳስ እቶም ንቑሓት ሃገራውያን፡ ኢትዮጵያ “ፌደረሽን ብወግዒ ኣፍሪሰዮ” ክሳብ እትብሎም ኣይተጸበዩን። መግዛእቲ ንምጽራግ ዝጀመርዎ ቃልሲ ድሮ ዓመት ደፊኑ ነበረ።

## ፈተነ ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ባጽዕ ታሕሳስ 1962

ቀቅድሚ እዚ ፈተነ'ዚ፡ ሓራካ ሓደ ሳልሕ መሓመድ ዝተባህለ ደንከላይ ብረት ክደሊ ናብ ሱዳን ልኢኻቶስ፡ ኣብ ከሳላ ተታሒዙ፡ ንኢትዮጵያ ተረኪቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ባጸዕ ተሓይሩ ነበረ። ድሕር'ዚ፡ ብመሪሕነት ዑመር ናስር ሽምን ሙሓመድ ሰዒድ ሽምሲ ሓላፊ ናይ መኽዘንን ብረት ካብ መኻዚኖ ብምውሳድ፡ ብኣውቶቡስ ንፎሮ ብምኻድ፡ ኣብ ፎሮ ምስ ሰርጀንት ዳውድ ተጸንቢሮም መደቦም ከተግብሩ ምድላዋት ገበሩ። እንተኾነ እዚ ሓሳብ'ዚ ከይተፈጸመ ኢትዮጵያ ኣብ ኣባላት ፖሊስ ሃንደብታዊ ምቅይያር ስለዝገበረት ፈሺሉ ተረፈ። ድሕሪ'ዚ ንካልኣይ ግዜ፡ ዑመር ናስር ሹም፡ ክልተ ሓደሽቲ ዋርድያታትን ሓደ እድሪስ ዝበሃል ተሓባባራይ ባዕል ታክሲን ኣዳልዩ ንሽምሲ፣ ጉምሕድ፣ ኢብራሂም ኣደም፣ ኣደም ዓሊን ሙሓመድ ሱሌማንን ኣብቲ መደበር ፖሊስ ክርከቡ፡ ዝተረፉ ድማ ኩትምያ ሓሊፎም ንኣጂፕ ኣብ ዘወስድ መገዲ ክጽንሑዎ ወሰነ። በዚ ድማ፡ ብረት ዝጸዓነት መኪና ሒዞም እናወጹ፡

ብመንጽሮም ካልእ መኪና ስለዝመጸት ናይ ፖሊስ መሲሉዎም ድፋዕ ሓዙ። እታ መኪና ግን ናይ ሲቪል ኮይና ናብ ሕርጊጎ ሓለፈት። ኣብቲ ህሞት'ቲ ዑመር ናስር ኣብ ትሓቲ ቡንቶ ድፋዕ ሒዙ እንከሎ፡ ናብ ብጾቱ ከይተጸንበረ፡ ኣስጊሎም ገዲፎሞ ከዱ። ሽዑ እቶም ክልተ ዋርድያ ዝነበሩ ዑመር ከም ዝጠፍአ ምስ ኣረጋገጹ ክጠራጠሩ ጀመሩ። ሙሓመድ ሰዒድ ሽምሲ ግን ክጸናንዖም ፈተነ። ኣብ ዓገምቦሳ ምስ በጽሑ ከኣ ንሽምሲ ዋርድያ ክንወጽእ ኢሎሞ፡ ሕራይ በሎም። ዋርድያ ዝቕይርዎም ሰባት ምስ መጹ ግን ኣይጸንሑዎምን። ሃዲሞም።
ድሕሪ'ዚ በዓል ሽምሲ ኣንፈት መገዶም ንባርካ ክቕይሩ እኳ እንተሓሰቡ፡ ጉምሑድ ኣብ ዓሰብ ምስኡ ዝተሰማምዑ ሰባት ስለዝነበሩ መሪሕዎም ንኢራፋይለ ቀጸሉ። ኢራፋይለ ብፖሊስን ሰራዊትን ኣዕለቕሊቓ ጸንሓቶም። ብሰማይ ድማ ነፋሪት ትዝምቢ። ኮሎኔል መሓመድ ናስር ኣብ ዘዋደዶ ድብያ ኣተዉ። መራሒ መገድን ቀላሲን ናይዛ ጉጅለ ጉምሕድ እድሪስ ተወቒዑ ምስ ተሰውአ ከኣ ፋሕ ብትን ኮነ። ዝግበር ስለዘይነበረ፡ ሽምሲ ምስ ዓሰርተ ብጾቱ ናብ የመን ወይ ስዑድያ ክሰግሩ መደቡ። ጸላኢ ግን ብሰራዊትን መራኽብን ገማግም ብሕሪ ተቖጻጺሩዎ ነበረ። በዚ ድማ ሽምሲ ምስ ክልተ ብጾቱ ኣብ ቡሪ ተሪፎ ካልኦት በብዝጥዓሞም ንድሕሪት ተመልሱ። እንተኾነ ኣብ መገዲ መብዛሕትኦም ኣብ ኢድ ጸላኢ ወደቑ። እቲ ተሓቢኡ ዝነበረ ብረት'ውን ካብቲ ተሓቢእሉ ዝነበረ ቦታ ተፋሒሩ ወጸ። ካብቶም ዝተበገሱ ልዕሊ ዕስራ ዝኾኑ ኣባላት ፖሊስን ሰቪልን ዑመር ናስር ሹም ናብ ጀብሃ ክጽንበር ከሎ፡ ሽምሲ ስዑዲ ዓረብ ኣትዩ ብጀብሃ ንታዕሊም ናብ ሶርያ ተላእከ። ጉምሕድ እድሪስ ተሰዊኡ ዝተረፉ 4 ካብ ፖሊስ 13 ድማ ካብ ሰቪል ተቐየዱ። ኣብዛ ናይ ታሕሳስ 1962 ፍጻመ ዝነበሩ፡ ዑመር ናስር ሹም፡ መሓምድ ስዒድ ኢብራሂም ሽምሲ፡ ዑመር ከሊፋ፡ ዑስማን ኣደም፡ ድሕሪ እቶም ካብ ሱዳን ዝተዓስከሩ ኤርትራውያን ወተሃደራት፡ ናብ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ዝተጸንበሩ ምኩራት ኣባላት ፖሊስ እዮም።

**ውግእ ዓንሰባ (ኣፍዓዩን) 11 መጋቢት 1963**

ኣብ መስከረም 1962፡ ኣብ በርገሽሽ ብዝተገብረ ኣኼባ፡ መሓመድ ዑመር ዓብደላ (ኣቡ ጥያራ) መራሒ ናይ ሰራዊት ሓርነት ኮይኑ ድሕሪ ምምዛዙ፡ ተጋደልቲ ናብ ክልተ ጉጅለ ተመቕሉ። ኣቡ-ጥያራን ኣቡ-ሽነብን ዝመርሑዋ ጋንታ፡ ኣብ ከባቢ ሩባ ጋሽ ክትንቀሳቐስ ከላ መሓመድ እድሪስን ዑመር እዛዝን ዝመርሑዋ ድማ ናብ ደብረ ሳላን ሮራ ማርያን ተንቀሳቐሰት። እዘን ክልተ ጉጅለ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣብ ከባቢ ከርከበት ክራኸባ ተረዳዲአን ነበራ። ድሕሪ'ዚ ጋንታ መሓመድ እድሪስ ሓጅን ዑመርን ብሰበር ናብ ማርያ ቀያሕ ንመለብሶ ወጸት። ሽዑ ካብ ደብረሳላ ተበጊሶም ንሮራ ማርያ ዝወጹ ባንዴራ

**ኤርትራ ሒዞም ዝንቀሳቐሱ ኣብ ከባቢ ገርበት ተራእዮም ዝብል ወረ ናብ ንቑጣ ፖሊስ ሓልሓል በጽሐ።**

**እቶም ብሓለቓ ሓምሳ ኣብርሃ ዝምርሑ ፖሊስ፡ መራሒ መገዲ ሒዞም ኣሰር ኣሰር' ተጋደልቲ ሰዓቡ። ተጋደልቲ ካብ ማርያ ቀያሕ ብገለት ንዓድ ተኽሌስ ክሰግሩ፡ ዓንሰባ ክሳብ ዝረግጹ ፖሊስ ኣሰሮም ኣሰሮም ይስዕቡ ነበሩ። እቶም ተጋደልቲ ነዚ ምስ ተረድኡ ሓደ ነገር ክገብሩ ወሰኑ። መራሒ እቲ ኣሃዱ መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ በረኽ፡ ኣብ ሩባ ቆጽሊ ተኸዲኖም ተመሳሲሎም ነቶም ፖሊስ ክጽበይዎም ወሰነ። ሃንደበት ኣብ ማእከሎም ምስ ኣተዉ ድማ ሓደጋ ወደቕዎም። ኣብቲ ድብያ ንሓለቓ ሓምሳ ኣብርሃ ወሲኽካ** 6 **ተቐቲሎም፡ መራሒ መገዲ ዝነበረ ሰቪልን ክልተ ፖሊስን ቆሰሉ። ኣብዛ ናይ መጋቢት** 1963 **ግጥም፡ ተጋደልቲ ጠበናጁ ናይ ፖሊስ ሰሊቦም ክብገሱ ከለዉ፡ ነታ ስርሒት ዝመርሐ መሓመድ እድሪስ ሓጅ፡ ካብቶም ተወጊኦም ዝነበሩ ፖሊስ ብዝተተኰሰት ጥይት ተወቒዑ፡ ኣብ ኣፍዕዩን ተሰውአ። ኣብኡ ድማ ተቐብረ። ዝተረፉ ተጋደልቲ፡ ብዑመር እዛዝ ተመሪሖም ነተን ዝሰለቡወን** 9 **ብረትን ጠያይትን ሒዞም ንማርያ ጸላም ወረዱ።**